# ደምዳሚ ኣዋጅ

## መስራቲ ጉባኤ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር፣

መስራቲ ጉባኤ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር(ኤደግ) ካብ 23 — 26 ነሓሰ 2011 ተሰላሲሉ ብዓወት ተዛዚሙ። ህዝብን ሃገርን ንምድሓን ኩሉ ዓቕምታትና ኣንጻር ስርዓት ህግደፍ ይቕናዕ!!.....ወዘተ ብዝብሉ እዋናውያን ጭርሖታት ማዕሪጉ ክጋባእ ዝቐነየ፡ ሓባራዊ ግንባር ንምምስራት ዝዓለመ ናይ ኣርባዕተ ውድባትና ማለት፡- 1. ኤርትራዊ ምንቅስቓስ ንደሞክራስያዊ ምሕደራ 2. ሃገራዊ ምንቅስቓስ ንዲሞክራስያዊት ኤርትራ፡ 3. ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ፡ 4. ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ(ለውጢ) ዝተሳተፉሉ መስራቲ ጉባኤ፡ ኣብ ፍሉይ ታሪኻዊ ኩነታት ዝተጋብአ እዩ።

መስራቲ ጉባኤ ግንባርና፡ ብሓደ ወገን ቶታሊታርያዊ(ገባቲ) ስርዓት ኢሳይያስ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና መወዳድርቲ ኣልቦ ኩሉ-መዳያዊ ግፍዕታት እናውረደ፡ ኣብ ሃገርና ሓደጋ ምብትታን ኣብ ዘንጸላለወሉን፡ ናይ ህዝብታትና ተቓውሞ ድማ በብእዋኑ እናጎልበተ፡ ከም መግለጺኡ፡ ብጻዕቂ ናብ ስደት ኣብ ዝውሕዙሉ ኣዝዩ ኣሰካፊ መድረኽ ዝተኻየደ እዩ። በቲ ካልእ ወገን ድማ ናይ ሰሜን ኣፍሪቃን ማ/ምብራቕን ጨቆንቲ መንግስታት ብማዕበላዊ ህዝባዊ ናዕብታት እናተጸርጉ ሓድሽ ናይ ለውጢ ሃዋሁው ዝሰፈነሉ፡ ኣብ ሓይሊ ተቓውሞ ኤርትራ ድማ እቲ ንዓሰርተታት ዓመታት ሰፊኑ ዝጸንሐ ናይ ኣረኣእያ ድንግርግርን ናይ ተግባር ጸገማትን መንቀሊታቱ ዝተነጸረሉ፡ ዓቕምታቱ ኣወሃሂዱ ብሓደ ኣንፈት ክቃለስ ዘብቕዕዎ ሓባራዊ ኣረኣእያታት ወኒኑ ክብገስ ኣብ ዝጀመረሉ ተስፋ ዘስንቕ እዋን ዝተኻየደ መስራቲ ጉባኤ ምዃኑ እዩ።

መስራቲ ጉባኤና፡- ነቲ ካብ ወርሒ መጋቢት ክሳብ ነሓሰ 2011 ኣብ ሞንጎ ኣርባዕተ ውድባትና፡ ሓባራዊ ግንባር ንምምስራት ዝዓለመ ሰፊሕን ተኸታታልን ዘተታት ዝበጽሖ ደረጃ ኣመልኪቱ ብሓባራዊ ሽማግለ ዝቐረበ ጸብጻብ ሰሚዑ። ከምኡ'ውን ናብ ውድባትና ወሪዶም ምይይጥ ዝተኻየደሎም ንድፍታት ፖሎቲካዊ ፕሮግራምን ሕገ-ህንጻን ብዕምቆትን ብስሓፍትን ተመያየጠ። ኣብ ኣገደስቲ መዳያት ዘድሊ ምምሕያሻት ብምግባር ኣጽደቐ። ኣብ ክሊ ፖሎቲካዊ መደብ ዕዮና፡ ናይ ግንባርና መሰረታዊ መትከላትን ሓባራዊ ኣረኣእያታትን ከምኡ'ውን ስትራተጂ ግንባርና ብሱልን ዓሚቕን ክትዕ ብምክያድ ኣጽደቐ። ውድባትና ኣብ ንጥፈታቶም ብሓባራዊ ውሳኔታትን መደባትን ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ተገዛእቲ ክኾኑ ወሰነ።

መስራቲ ጉባኤና፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና፡ ብብሄራዊ፣ ሃይማኖታውን ካልኦት ዝተፈላለዩ መልክዓት ወጽዓታት ዘውርድን፡ ሃገርና ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ዘሳጥሓ ዘሎ ጨቋኒ ጉጅለ፡ ቶታሊታርያዊ(ገባቲ) ስርዓት ህግደፍ ምዃኑ ኣረጋገጸ። ናይ'ዚ መድረኽ ቀንዲ ሽቶና፡ ቶታሊታርያዊ ስርዓት ህግደፍ ብምውጋድ፡ ህዝብን ሃገርን ካብ ሓደጋ ብርሰት ምድሓን ምዃኑ ኣስሚሩሉ ሓለፈ። ኤርትራ ናይ ብሄራትን ሃይማኖታትን ሙሉእ መሰልን ማዕርነትን ዝተረጋገጸላ፡ ሓድነታ ዝሓለወት ዲሞክራስያዊት ሃገር ክትከውን ምግባር፡ ናይ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ጽኑዕ እምነት ምዃኑ ብምቕማጥ፡ ኣንጻር ትምክሕቲ፣ ጸቢብነትን ኩሉ መልክዓት ጥሩፍነትን ኣበርቲዑ ከምዝቃለስ ኣረጋገጸ። ሓይልታት ተቓውሞ ሃገርና ኣብ ክሊ ሓባራዊ ኣረኣእያታት፡ ንኹሎም ህዝብታትና ዓቕምታቶም ኣወሃሂዶም፡ ኣብ ክሊ ብሄራዊ፣ ሃይማኖታውን ባህላውን... ወዘተ ፍሉይነታቶም ሓድነታ ዝሓለወት ሃገር ንምውሓስ ክቃለሱ ከምዝኽእሉን ከምዝግባእን ኣመልከተ።

መስራቲ ጉባኤና፡ መብዛሕትኦም መራሕቲ ሓይልታት ተቓውሞ ኣብ ዝተሳተፉሉ ሰሚናር ዝተበጽሑ ሓባራዊ ኣረኣእያታት ዘለዎ ዕግበት ኣረጋገጸ። ንሕሉፋት ቅርሕንታትን ግጉያት ኣተኣላልያታትን ብምስጋር፡ ኣብ ሓባራዊ ኣረኣእያታት፡ ምስ ኩሎም ሓይልታት ተቓውሞ ተቐራሪቡን ተወሃሂዱን ኣንጻር ቶታሊታርያዊ(ገባቲ) ስርዓት ህግደፍ ክቃለስ ዘለዎ ድልውነት ኣስሚሩሉ ሓለፈ።

መስራቲ ጉባኤና፡ ፖሎቲካዊ ስልጣን ብመስርሕ ሰላማውን ደሞክራስያውን ውድድር፡ ብድምጺ ህዝቢ ጥራሕ ዝወሃብን ዝኽላእን ልኣላዊ መሰል ህዝብታትና ምዃኑ ዘለዎ ጽኑዕ እምነት ብምቕማጥ፡ ሕገ ህንጻ ግንባርና ንሓድነት ሓይልታት ተቓውሞ ዘቀራርብን፡ ተኣማሚኖም ኣብ ናይ'ዚ መድረኽ'ዚ ቀንዲ ዕላማ ከቕንዑ ከም ዝዕድም ገይሩ ሓንጸጸ። ግንባራዊ ሕገ ህንጻና ምስ ስፍሓትን ብቕዓትን ግንባርና፡ በብእዋኑ ክመሓየሽን ክምዕብልን ዘሎ ተኽእሎታት ኣስሚሩሉ ሓሊፈ።

መስራቲ ጉባኤና፡ ኣብ ሓይልታት ተቓውሞና ብሓፈሻ፡ ኣብ ኣባላት ግንባርና ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ኣረኣእያን ተግባርን ዝነበሩና ርኡያት ሕጽረታት ኣለልዩ፡ ግቡእ መኣረምታ ኣቐመጠ። ኣብ ሕሉፋት ፍልልያት ዝተመስረቱ ቅርሕንቲታትን ዘይምትእምማንን፡ ብዘየቋርጽ ሃናጺ ልዝብን ምምኽኻርን መንፈስ ምትእምማን

ብምህናጽ፡ ልባዊ ደገፍ ህዝብታትና ብምርግጋጽ፡ ሃገርና ካብ'ዚ ቶታሊታርያዊ(ገባቲ) ስርዓት ንምድሓን ቀንዲ ቱኽረት ዝገበረ ሓባራዊ ቃልሲ ክካየድ ከምዝግበኦ ኣገንዘበ።

መስራቲ ጉባኤ፡- ብመሰረት ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዘመሓላለፎ ውሳኔ፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዋት ሒዙዎ ዘሎ ዓብይ ዕማም፡ ከም ናይ'ዚ እዋን'ዚ ቀንዲ ግንባራዊ ዕማምና ብምቕባል፡ ንምዕዋቱ ከምዝጽዕት ኣረጋገጸ። ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ክሊ ሓባራዊ ኣረኣእያታት ህዝብን ሃገርን ካብ ቶታሊታርያዊ(ገባቲ) ስርዓት ህግደፍ ንምግልጋል ኣብ ነካይዶ ቃልሲ ወሳኒ ዕማም ብምዃኑ፡ ኩሎም ሓይልታት ተቓውሞ ብዕቱብነትን ሓላፍነታዊ መንፈስን ክንቃለሰሉ ጸውዐ።

መስራቲ ጉባኤ ግንባርና፡ ቶታሊታርያዊ ስርዓት ህግደፍ ካብ ትምክሕተኛን ጻሕታሪ ዥናትን ባህርያቱ ብምብጋስ፡ ኣብ ዞባና ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ሃገራት ኢዱ እናእተወ፡ ልኣላዊ ግዝኣት ጎረባብቲ ሃገራት ብምድፋእ ሰላምን ምርግጋእን ንምዝራግ ከካይዶ ዝጸንሐን ዘሎን ጸረ ሰላምን ጸረ ምዕባለን ተግባራት ኮነነ። ብባይቶ ጸጥታ ው.ሕ.ሃ. ነዞም ተግባራት ንምግታእ ብወርሒ ታሕሳስ 2009 ዝተበየነሉ ማዕቀብ ንህዝብታትና ከምዘይትንክፍ ብምእማን፡ ደገፉ እናረጋገጸ፡ ዝያዳ ክተርርን ብተግባር ክትርጎምን ጻውዒቱ ኣመሓላለፈ። ናይ'ዞም ጸገማት ቀንዲ መፍትሒ ኣብ ሃገርና ቅዋማዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ምትካል ምዃኑ ብምምልካት፡ ማሕበረ ሰብ ዓለም ንደሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝብታትና ክድግፍ ጻውዒት ኣቕረበ።

መስራቲ ጉባኤና፡- ተሳትፎ መላእ ህዝብታትና ብሓፈሻ፡ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ደሞክራስያዊ ቃልስና ዘለዎም ተሳትፎ ንምዕዛዝ ኣበርቲዑ ከምዝቃለስ ኣረጋገጸ። ዝበዝሐ ክፋል ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ከም ኣካል ኣምሳል ውጹዓት ህዝብታትና መጠን፡ ቀንዲ ግዳይ ቶታሊታርያዊ(ገባቲ) ስርዓት ህግደፍ ምዃኑ ብምእማን፡ ህዝብን ሃገርን ካብ ኣንጸላልዩዎም ዘሎ ናይ ብርሰት ሓደጋ  ንምድሓን ኣብ ጎድኒ ውጹዕ ህዝቡ ደው ኢሉ ክምክት ጻውዒቱ ኣመሓላለፈ።

መስራቲ ጉባኤ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር፡- ነባራት ስደተኛታትን ብሰንኪ ቶታሊታርያዊ(ገባቲ) ስርዓት ኢሳይያስ፡ በብእዋኑ ናብ ስደት ዝውሕዙ ዘለዉ ሓደሽቲ ስደተኛታት ኤርትራውያን ብሓፈሻ፡  ኩነታት መንእሰያት ድማ ብፍላይ፡ ብዕምቆት ገምገመ። ስደተኛታትና ናይ ፖሎቲካዊ ዑቕባ መሰሎም ተኸቢሩ ግቡእ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዝረኽቡሉ ኩነታት ኣብ ምፍጣር፡ ምስ ዝተፈላለዩ መንግስታትን ገበርቲ ሰናይ ማሕበራትን ተቐራሪቡ ጻዕርታት ክካይድ ምዃኑ ኣረጋገጸ። መንግስትን ህዝብን ኢትዮጵያ፡ ነቶም በብእዋኑ ብሰንኪ ጨካን ኣገዛዝኣ ቶታሊታርያዊ(ገባቲ) ስርዓት ኢሳይያስ ሃገሮም ገዲፎም ዝስደዱ ዘሎዉ ወገናትና ዘርእዩዎ ዘለዉ ሕውነታዊ ኣቀባብላ፣ መንእሰያትና መጻኢ ዕድል ትምህርቶም ከይብርዕን፡ ክሳብ ኣብ ዩኒቨርስታት ኢትዮጵያ ኣትዮም ክመሃሩ ዝገብሩዎ ዘሎዉ ምትሕብባር፡ ዘለዎ ልዑል ምስጋናን ኣድናቖትን ኣረጋገጸ። እዚ ሕውነታዊ ተግባራት'ዚ፡ ኣብ ነጻነትን ሓድነትን ኤርትራ ካብ ዝጸንሖምን ዘለዎምን ነቒ ዘይብል እምነት ከምዝብገስ ዘየማትእ ገምጋም ኣቐመጠ።

መስራቲ ጉባኤና፡- ፌደራላዊ ደሞክራስያዊ መንግስቲ ኢትዮጵያን ኢህወደግን፡ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ዘለዎም ሕውነታውን ሰናይን ህዝባዊ ኣረኣእያ ብምብጋስ፡ ሓይልታት ተቓውሞ ሃገርና፡ ሓድነታ ዝሓለወት ደሞክራስያዊት ኤርትራ ንምርግጋጽ ኣብ ዘካይዱዎ ዘለዉ ከቢድን ዝተሓላለኸን ተጋድሎ፡ ኣብ ጎድኖም ተሰሊፎም፡ ኣብ ሓባራዊ ኣረኣእያታት ተቐራሪቦም፡ ንድሕነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ክቃለሱ ዝገብሩዎ ምድግጋፍ ኣመስገነ። ንመጻኢ'ውን ኣብ ጎድኒ ደሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝብታትና ተሰሊፎም ምትሕግጋዞም ከሐይሉ ጸውዐ።

መስራቲ ጉባኤ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር፡ ኣብ መደምደምታ፡ ኣገደስቲ ፖሎቲካዊ ውሳኔታት ብምምሕልላፍ፣ መድረኻዊ ዕማማት ብምሕንጻጽን ዝተፈለላዩ መጸዋዕታታት ብምቕራብን ብዓወት ተጠቓለለ።

ፖሎቲካዊ ውሳኔታት መስራቲ ጉባኤና ንምዕዋት ንቃለስ!!<br>
ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዋት ክንቃለስ ኢና!!<br>
ኩሉ ዓቕምታትና ብቐዳምነት ንድሕነት ህዝብን ሃገርን ይኽተት!!<br>
ክብርን ዝኽርን  ንሰማእታትና!!

መስራቲ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር፡<br>
26 ነሓሰ 2011